# ፍቓድ ዝተዋህቦም!

ዘይፍለጡ ሰባት ስቪል ዝለበሱ
ፍቓድ ዝተዋህቦም መሰልና ክግህሱ
ዘዕበየ ወላዲ ውሉዱ ኰስኵሱ
ወትሩ *ይምዝጉዎ እንከየተወከሱ! *ይምንጥሉዎ

*ሰገራት መላኺ ኣብ ዝደለዩዎ *ዓሳክር
ውላዱ ካብ ቅርዓት ስለ ዝጨወዩዎ
ምስኪናይ ወላዲ ዓቕሉ ጸቢቡዎ
ድሕነቱ ዘውሕሱ ፖሊስ መሲሉዎ
ከይዱ እንተ ሓበሮም ከም ዝኣሰሩዎ
'መን ነጊሩካ!?' ኢሎም ኣዋጢሮሙዎ!

እቲ ለዋህ ወላዲ ንስቓይ ዝተፈርደ
ብልኡኻት ህግደፍ ወዱ ምስ ተወስደ
ካብ ኢዶም ኣምሊጡ ናብ ስደት ተኸደ
ምስኪናይ ወላዲ ከምዛ ዘይወለደ
ብጓህን ሓዘንን ልቡ እናነደደ
'ሃዲሙና'ዩ' ኢሎም ይብሉዎ ተዓደ!

ማሕለኻ በቲኹ ናይ *ደማሒ ቀይዲ *መላኺ
ወዱ ምስ ጠፍአ ሃጽ ኢሉ ካብ ዓዲ
ፍጹም ከይሓፈረ እዚ ርጉም *ረዋዲ *ዓማጺ
ሓምሳ ሽሕ ቅርሺ *ኪምውፍ ወላዲ *ኪኸፍል

ህግደፍ ምስ ወሰነ ይግባይ ኣልቦ ፍርዲ
ላዕልን ታሕትን ይብል ገንዘብ ንሸናዲ!

መሳኪን ኤርትራውያን ሽግር ዘይበልየሎም
ሓምሳ ሽሕ ከይኣከል ህግደፍ ዝመንጠሎም
ራሻይዳውን ከምኡ ኣብ ዶብ ተቐቢሎም
ሰላሳ ሽሕ ዶላር ብቐጽበት ክኸፍሎም
ሓዊ እናንኣንደዱ 'ሓውል ሓውል!' ኢሎም
ኣውያት የስምዑዎም ተሌፎን ደዊሎም!

ስቓይ ናይ ውላዱ ኣውያት ምስ ሰምዐ
እቲ ተካል ወላዲ ደም እናነበዐ፡
ፈቐዶ ዓድታት እናንኣንከራተተ
ፍርቂ ካብ ጠለቦም ገንዘብ ምስ ተቐልተ
መርድእ ተነጊሩ ወዱ ከም ተዘምተ
ክንደይ ወላዲ'ሞ *ብሃይስ ዘይሞተ! *ብጓሂ፡ ብሓዘን

ሓዛኑ ከይኣከልውን ውላዱ ኣጥፊኡ
ዳስ ሓዘን ሰሪሑ ከይገልጽ ጓሂኡ
ወላዲ ከይቀብጽ'ወ ሬሳ ወዱ ሪኡ
ሓዘን ሳልስቲ'ኳ ንቡር ተኸሊኡ
ወላድ ተሳቕዩ ሕሱም ግዜ መጺኡ!

ኣቱም ተበለጽቲ ናይ ሃገር መንሽሮ
ሕስብ እባ ኣብሉ ብናይ ሰብ ኣእምሮ
ነዚ *ሰላዕ-በጣዕ ፈጣሪ እምባጋሮ *ዘይእሩም
ናይ ህዝብን ሃገርን ዘይብሉ *ሰሃሮ *ሓልዮት
ኣብ ጓይላኡ ኬድኩም ክትወቕዑ ከበሮ
ልቢዶ የብልኩምን'ዩ ኣምላኽ ዝፈጠሮ!?

ነዚ *ሔለይ ጥፍኣት ፈላላዩ ስድራ *ጎብየ

ጠላሚ መብጽዓ ናይ ስውእ ሓደራ

ጀጋኑ ዘሕቀቐ ኣናብስ ናይ ሰውራ

ኩሉ ነብሱ ሕሰም ሓሳረ መከራ

ከም ጥሪት ዝሸጠ ንህዝቢ ኤርትራ

ሃገርና ኣዕኒዩ ነበረት ከይገብራ

ሰሚርና ንጽረጎ ኣሕዋት ንውጻእ ሓራ!

# ኤርትራና ክሓልፈላ፡ ስርዓት ምልኪ ንእለየላ!

ካብ ሓውኹም መሲናስ 05-08-2015




ኣብዚ ጠውቑ